ቡራኬ ቤተ-ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል ሊቀ መላእኽት
ማይ ጸሎት አቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ (እንዳ ጋብር) ዓላማኾ

ብዝሓለፈ ዓርቢ/ቀዳም 7-8 መስከረም 2018 (2-3 ጳጉሜን 2010 ግዕዝ) አብ ሩባ ዓላማኾ (ጥንቅሉሓስ) ዝተሃንጸ ሓዲስ ቤተ-ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል ሊቀ-መላእኽት ተጻንቢሉ።

ካብ ከባቢ መጋርሕ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣትሒዙ ክሳብ ተሰሪሑ ዘሎ ልምዓታዊ ስራሕ አብ ዝርዝር ጸብጻባት ክትውከሱ ይከኣል። አተኵሮና አብ ጒዳይ ሕንፀትን ቡራኬ መቕደሱን ዘተኮረ ይኸውን።

1. ምህናጽ ቤተ-ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል

ዓይኒ-ማይ ጸሎት ጋብር ካብ ጎቦ ሰንኪል ብ'ስርጒኵ-ወረባ' አቢሉ ብዚፈስስ ሽንጥሮ ዝምንጩ ኮይኑ፣ ብዝነበሮ ፍሉይ ዝኽሪ ዝቀደሙ አቦታትና ብዓቢ ዝና ዝትርኽዎ ቦታ ነበረ። እንተኾነ ተኸታታሊ ድርቕን፡ ሰብ ዘስዓቦ ጒድኣትን ዓይኒ ማዩ ከምዝደርቕን ዝኽሩ ከምዝሃስስን ገበሮ። ነዚ ዘሰክፍ ተርእዮ አብ ንቡር ኰነቱ ንምምላስ፡ ቤ/ጽሕፈት ኤጳርቅና ከረን ብኸቢድ ወጻኢታት ንዝበረሰን ዝባደመን መሬት ንምሕዋይ ከም ቀዳምነት ሰሪዑ ዝምስገንን ውጽኢት ገይሩሉ ይርከብ።

ሩባ ስርጒኵ-ወረባ ዝወርድ ሩባ ቀንዲ ዓይኒ ምንጪ ማይ-ጸሎት ብትሕቲ መንገዲ ባቡር ክሓልፍ ዘርኢ ስእሊ

አብ ከባቢ ማይ-ጸሎት ጋብር መንፈሳዊ ረብሓ ንኪረኽቡ ንዝመላለሱ ምእመናን፡ ቤት-ጸሎት ክትስረሓሎም ብተደጋጋሚ ዘቕረብዎ ሕቶ ቅቡል ስለዝነበረ፡ ቤተ-ጸሎት ክስራሕ ተወሰነ። ምእንትʼዚ መካነ-ማይ ጸሎት ከምቲ ቅድሙ ብስም አባ ገብረመንፈስ ቅዱስ (እንዳ ጋብር) ኮይኑ፡ ታቦት ብስም ቅዱስ ሩፋኤል ሊቀ-መላእኽት ተወፈየ።

አቶ ዕሪት ኪዳነ ካብቶም ብናይ ገዛእ ርእሱ ተበግሶ ወሲዱ ዝተንቀሳቀሰ ውፉይ ምእመን እዩ። ብገንዘቡ እምኒ እናሰበረ፡ ንሓላዊ ወርሓዊ ገንዘብ እናኸፈለ፡ ቦታ ማይ-ጸሎት ጋብር ብጽኑዕ ከምዝሕሎን፡ ዝተባሕጐጐ መሬቱ ከምዝጥጥሕን ገበረ። ብድኅርʼዚ ብ2016 ቤ/ጽሕፈት ኤጳርቅና ትግሃቱ ርእዩ አብ ዘመነ ጾመ-ኣርብዓ 2017 ፈ. መሠረት ቤት-ጸሎት ተኸለ። ማዕረ-ማዕረኡ ድማ ተባሕጕጉ ዝባድም ዝነበረ ሰፊሕ ሄክታር አብ ንቡር ክመልስ ተረኽበ። ህንጻ ቅዱስ ሩፋኤል ካብ ዝጀመረሉ ሰፊሕ ሕዝባዊ ተሳትፎ ዝተጻንበሮ ነበረ። ካብ ሃገር-ቅዳኾ፣ ድጊ፣ በጉ፣ ከረን-ላዕላይ፣ ከረን ገዛባንዳ፣ ጁፋ፣ ከባቢ ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕን ትትርን፡ መንእሰያት ቍምስና ቅዱስ ሚካኤልን ቅድስት ሥላሴን፡ ከማኡ ተመሃርቲ ገዳም ዘርአ ክህነት ይርከብዎም።

2. ምስራሕ መከላኸሊ መንደቕን፡ ዓበይቲ ባሳካታት ማይ፥

አገልግሎት ናይʼዚ ቦታ ብቀንዱ አብ መንፈሳዊ ትኵረት ዝገበረ ደኣምበር ንስጋዊ ምዝንጋዕ ወይʼውን ቱሪዝማዊ ማእከል ክኸውን ዝዓለመ ኣይኮነን። ምእንትʼዚ ካብ ርሑቕ ቦታ ተጓዒዞም ናብዚ ቦታ ዚመጹ ነጋድያን፡ ዝስተ ማይ ስኢኖም ከይጽገሙ፡ ሠለስተ ዓበይቲ ባስካታት ተሰሪሖም ንአገልግሎት ቅሩባት ኣለዉ።

ንአገግሎት ሕዝቢ ዝተሰርሑ ባስካ፣ ተመሃሮ ዘርአ ክህነት ኣብ ስራሕ

3. ምህናጽ ከትርታትን ዛላታትን

ኣቐዲሙ ከምዝተጠቕሰ፡ ብየማነ-ጺጋም ቤተ-ጸሎት ዝሓልፉ ክልተ ሩባታት፡ ኣብዘን ክልተ ዓመታት ካብ መበገሲኦም ጀሚሮም ተዛልዮምን ተሃኒጾምን ስለዘለዉ፣ ሎሚ ዝምስገን ውጽኢት ይርከበሎም ኣሎ።

ኣብ ሩባ ዓላማዥ ተሰሪሑ ዘሎ ቸክ-ዳምን ውጽኢቱን

ህንጻ ቤተ-ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል ኣብ መዛዘሚኡ እንከሎ

4. ተሳትፎ ሕዝቢ ኣብ ዕለተ-በዓሉ

5. ተሳትፎ ኣመንቲ ምስልምና፥

ቦታ ማይ ጸሎት ኣባ ጋብር፡ ክርስቲያንን ኣስላምን ብማዕረ ዝግልገሉሉ ከም ምኳኑ፡ ኣብ ውህደት ሃይማኖታት ዝለዓለ ተራ ኣለዎ። ኣብ ከባቢ መጋርሕ ኣብ ቅዱስ ጊዮርጊስን ኣብ መመረቕታ ቤተ ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል ኣመንቲ ምስልምና ዘርእዮ ተሳትፎ ኣዝዩ ዝምስገን እዩ። ከም ኵሎም ክርስቲያን ካብኣቶም ዝድለ ኣበርክቶ (ጒልበት፡ ወፈያ፡ ምጽዋት) እናሃቡ፡ ብማዕረ ተጠቐምቲ እዮም። ኣብ ዝኽረ-በዓሉ'ውን ዝለዓሉ መራሕቲ ሃይማኖት ምስልምና ተረኺቦም ነበሩ። ሺሻዮም ቀሪቦም ድማ ንነጋድያን ጸበል ቀሪቦም ነበሩ።

6. ወፈያታት ንሓዲስ ቤተ-ጸሎት ቅዱስ ሩፋኤል ጋብር ዝተወፈየ

6.1 ብገንዘብ ዝተለገሰ

ተቑ	መንበረ ሊቀ-ካህናት	ዓድታት	ዝተለገሰ
1	ከረን	ከረን፣ ገዛባብዳ፣ ሓሸላ፣ ለበዳ፣ ባምቢ፣ ትትሪ	67,000.00
2	ሓቢን-መንተል	ሓቢንመንተል፣ ድጊ፣ ጉሽ፣ ሓዲሽ-ዓዲ፣ ቍኒዕ፣ ኤደን፣ ሻርኪ፣ ወስበንስረኽ	19,164.00
3	ሓጋዝ	ሓጋዝ ኪዳነ ምሕረት፣ በጉ፣ ዶብዓት፣ ግላስ	21,000.00
4	ብግለ-ሰባት	ብቍጽሮም አዝዮም ብርክት ዝበሉ	22,500.00

6.2 ብጥሪትን እኽልን ዝተለገሰ

		ከብቲ	ጤለ-በግዕ	እኽሊ	ተወሳኺ
1	ቍምስና ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ	ላም		ኵንታል እኽሊ	
2	ቍምስና ቅዱስ ሚካኤል - አሸራ	ላም	2ተ አጣል	3ተ መሸማዕ እኽሊ	ተንኮባ
3	ነበርቲ እሮራ፥ አስላም + ክርስቲያን	ላም	-	-	
4	ቍምስና ልደታ ማርያም ሸናራ	ላም	-	-	
5	ቍ/ቅዱስ ሚካኤል ድጊ+ሸሽረማ+ ሃገር ቅዳኾ	ላም	-	-	
6	ቍምስና ቅዱስ ዮሴፍ በጉ	ላም	-	-	መሶበ-ወርቅ
7	ቍምስና ኪዳነ-ምሕረት ጁፋ	ላም	-	-	
8	ዓድ-ሓሸል	ላም			
9	ዓድ-ሽቦት	ላም	-	-	
10	አቶ ዕሪት ኪዳነ (ገዛባንዳ)	ብዕራይ			
11	ቍምስና ቅዱስ ሚካኤል ባምቢ	-	2 አጣል	መሸማዕ እኽሊ	
12	ቍምስና መድኃኔ ዓለም ኤደን	-	-	2ተ መሸማዕ እኽሊ	
13	ቤት- ጸሎት ቅዱስ ዮሴፍ ትትሪ		-	-	መጋረጃ መቕደስ
14	ዓወት ዓብዱ ሰዓዲን (ጎሚስታ)	ጤል	-	-	
15	ስሙ ክንገረሉ ዘይፈቀደ	ጤል	-	-	
16	አቶ አማኑኤል ከሡተ (ጐሚስታ) - ከረን	ጤል	-	-	
17	አቶ ዑስማን መሓመድ ሓምድ - ከረን	ጤል	-	-	
18	አቶ ጊዮርጊስ ሚካኤል - ሓሸላ	ጤል	-	-	
19	አቶ ተስፈአለም ዘካርያስ - ከረን	ወጠጦ	-	-	
20	ሺሻይ ደበሳይ - ከረን	በጊዕ	-	-	
21	አቶ ዓምደጽዮን ግርማጽዮን (ሰበ)	ጤል	-	-	
22	አቶ ገብሩ ዘሚካኤል - ከረን	ጤል	-	-	
23	ማኅበር ቅዱስ ዮሴፍ - ከረን	ጤል	-	-	
24	አቶ ፍረ ዑቕባሚካኤል - ዶብዓት	በጊዕ	-	-	
25	አቶ ዓማር ንጉሰ - በጉ	ወጠጦ	-	-	
26	ፍረወይኒ ገ/ትንሳኤ - አሸዓላ	ጤል	-	-	
27	አቶ አኽሊሉ ተድላ - ከረን	-	-	-	20 ሊትሮ ዘይቲ
28	ዳኒኤል ክፍልዝጊ ኃይለ - ከረን	-	-	-	ዓቢይ ጽላል
29	ወ/ት ግደይ ሳንታ-አንቶንዮ - አሥመራ	-	-	-	ጀሪካን ሜስ

ንህንጻ ቅዱስ ሩፋኤል አጀሚሩ ብሰላም ዘፈጸመና አምላኽ ልዑል ምስጋና ይብጸሓዮ!

አባ ዑቑባጋብር ወልደጊዮርጊስ
ቆሞስ ቍምስና ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕን ከባቢኡን